# ብዓለ ቍስቋም

## ንባባት

2ቆሮ 8፡1-16፥ 2ዮሓ 1፡9-ፍ፥ ግ.ሓ. 1፡12-15፥ ማቴ 2፡19-ፍ



ምስባክ፡

1.ያፍኒ ረከበት ላቲ ቤት፥ወማዕነቕኒ ኀበ ታነብር እጎሊሃ፥ ምሥዋዒከ እግዚኦ እግዚአ ኃያላን መዝ. 84፡3።

2.ርኢክዎ ለኃጥእ ዐብየ ወተላልዐለ ከመ ዐርዘ ሊባኖስ ውሶበ እገብእ ኀጣእክዎ፥ ኀሥሥኩ ወኢረከብኩ መካኖ መዝ. 37፡35-36.

ብዓለ ቍስቋም ብአቆጻጽራ ግዕዝ አብ 6 ኅዳር ይብዕል። ናይ ቅድስት ሥድራ ስደት ንምድረ ግብጺ እዩ ዝዝክር። አብ ልደት መድኃኒና መላእኽቲ ሰማይ ሰናይ ዜና አበሲሮም፥ ጓሶት ንልደት መድኃኒ ብሓጎስን ብህያብን ተቐቢሎሞ፥ ሰብአ ሰገል ካብ ርሑቕ ምስራቕ ምስ ፍሉይ ህያቦም ተቐቢሎሞ። እዚ አብ ጊዜ ልደት ንሰምያ እንተ ኾነ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ ዘሕዝን አጋጢሙ፥ ሄሮዱስ ንጉሥ ሃገር ቀታሊ ገፋዒ ሰብ ንልድት ክርስቶስ ክቕበሎ አይከአለን ንስልጣኑ ዝወስደሉ መሲልዎ። ሰብአ ሰገል ዝጽበዮ ሓበረታ ስለ ዘየምጽአሉ አብቲ ከባቢ ዝተወልዱ ቆልዑት ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ክቕተሉ ወሲኑ። ሄሮዱስ ጨካን ቀታል ሰብ እዩ ነሩ ንሱ ብ70 ቅ.ል. ክርስቶስ ተወሊዱ ብ4 ቅ.ል. ክ. ከአ ሞይቱ። ንሱ ካብ አይሁዳውን አረመናዊ ስድራ ተወሊዱ። ብ4 ዓመተ ዓለም ድሕሪ ሞይቱ ኢየሱስ ቅድሚ ሞቱ እዩ ተወሊዱ ምኽንያቱ ሄሮዱስ ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ሕፃናት ቀቲሉ እዩ ስለዚ ኢየሱስ አብ መንጎ 6-4 B.C. እዩ ተወሊዱ። አብ መጽናዕቲ ከዋኽብቲ ከም ዝሕብሮ አብ መንጎ ፕላነት ጁፒተርን ሳተርን አብ ድሕሪ ሽድሽተ ሚእቲ ዓመት ሓደ ጊዜ አብ ልክዕ መስመር ህዋ ይመጽኡ እዚ አብ 7 B.C. አጋጢሙ። ስለዚ ሞት ሄሮዱስ አብ 4 ድሕሪ ኮይኑ፥ ቅትለት ሕፃናት ትሕቲ ክልተ ዓሞት ብሄሮዱስ ከምኡ ናይ ጁፒተርን ሳተርን አብ ሓደ መስመር ብ7 B.C. ድሕሪ ኮይኑ ኢየሱስ አብ መንጎ 7-4 B.C. ተወሊዱ ማለት እዩ። ነዚ መሰረት ገርና ኢየሱስ አብ 1 A.D. ከምዘይተወልደ ነረጋግጽ። ኢየሱስ አብ 0 ዓ.ም. ተወሊዱ ዝብል ጌጋ ዘእተወ Dionysius Exigiuus ዝተባህለ ሩስያዊ መነኮስ ብ527 እዩ። ንሱ ብ527 ናይ ኢየሱስ ልደት ክጽብጽብ እንከሎ ኢየሱስ ድሕሪ 753 ዓመት ድሕሪ ምፍጣር ከተማ ሮማ እዩ ኮይኑ ኢሉ ይአምን ነሩ ዲዮንሲዩስ ኢየሱስ አብ ማእከል ናይ ሓዲስ ዘመንን ናይ አረጊት ዘመንን ከም ዝተወልደ ከረጋግጽ ኢሉ ዝገበሮ እዩ እንተ ኾነ ተጋግዩ።

አብ ሄሮዱስ ክንምለስ ንሱ ብ37 ቅ.ል.ክ እዩ ብአጉስጡስ ቄሳር ግዛኢ ክኸውን ተሾሙ። ድሕሪ ሓጺር እዋን ሹመቱ ናይ አይሁድ ላዕለዋይ መራሕ ባይቶ ዝነበረን ንኹሎም አባላት ጉባኤ ባይቶ አይሁድ ዝነበሩ ብምሉኦም ቀቲልዎም ካብ 300 ንላዕሊ ዝኾኑ ካብ ኢየሩሳሌም አውጺኡ ቀቲልዎም። ጨካን ቀታል ሰብ እዩ ነሩ።

ብኻልእ ክርአ እንከሎ ከአ ጨካን ጥራሕ አይነበረን ገለ ሰናይ ግብሪ እውን ነርዎ እዩ። ፍርቂ አይሁዳዊ ስለ ዝነበረ ዝበለጸ ቤተ መቕደስ ሰሪሕሎም። ኢየሱስ ዝመላለሶ ዝነበረ ቤተ መቕደስ ሄሮዱስ ዝሰርሖ እዩ ነሩ። ብ25 ቅ.ል.ክ. አብ ምድረ አይሁድ ዓቢ ጥመት ወሪዱ ነሩ ሄሮዱስ አብ ቤተ መንግስቱ ዝነበረ አዋርቕ አምኪኹ መግቢ ንአይሁድ ከም ዝግዛእ ገሩ።

አብዚ ናይ ኢየሱስ ታሪኽ ብዛዕባ ሄሮዱስ ዝግድሰና እቲ ጨካን ግብሩ እዩ። ንሱ ዓሰርተ አንስቲ ነረንኦ 15 ቆልዑት ነሮሞ። ደቁ ምስ ዓበዩ አብ ስልጣን ደይቦም ነሮም እንተ ኾነ ክልተ ካብ ደቁ አለክሳንደርያን አሪስታቦሉስ ዝብሃሉ ንስልጣነይ ክወዳደሩኒ ፈቲኖም ካብ ዝብል ንሮማ

ልኢኹ አፍሪዱ ብ6 ዓ.ዓ. ክርስቶስ ኣብ ዝተወልደሉ እዋን ከምዝቕተሉ ገርዎም። ቄሳር ኣጉስጡስ ነዚ ብዝርኢ ከምዚ ኢሉ ይብሃል፡ “ኣብ ገዛኻ ሓሳማ ምዃን ዝያዳ ዋሕስ ኣልኦ ካብ ኣብ ግቢ ሄሮዱስ”። ቅድሚ ሞቱ ብ4 ዓ.ዓ. ካልእ ወዱ ቀቲሉ ከምኡ ቅድሚ ሞቱ ኣብ ከተማ ኢየሩሳሌም ግፋ ክግበር ኣዚዙ እቶም ዝተገፉ ኣብ መዓልቲ ሞቱ ክቕተሉ ኣዚዙ። እዚ ዝገበሮ ኸአ ኣብ ሞቱ ዝኾነ ዝሓዝን ከምዘየሎ ይፈልጥ ነሩ ስለዚ ብዙሓት ሓዘንተኛታት ኣብ ከተማ መታን ክህልዉ እዩ ገርዎ።

ሄሮዱስ ምስ ሞተ ንግስነቱ ኣብ ሰለስተ ተመቒሉ። ኣብ ሰሜን ፍሊጶስ ሓዉ፥ ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ሃገር ኣንጢፓስ፥ ኣብ ደቡብ ኣብ ኢየሩሳሌም ከባቢ ከአ እርኬላዎስ ነጊሱ። ኣርከለዎስ ምስ ነገሰ ሰለስተ ሽሕ ኣይሁድ ቀቲሉ። በዚ ምኽንያት ቅድስት ስድራ ኣብ ዓዳ ምስ ተመልሰት እውን ኣይጥዓማን ኣብ ናዜሬት ተቐመጡ ምኽንያት ናይ ኣርካላኦስ ምንጋስን ብዙሓት ምቕታሉን ኣሰኪፍዎም። ስለዚ ኢየሱስ ኣብ ናዝሬት ዓበየ።

እዚ ኹሉ ነቲ ናይ ቅድስት ስድራ ካብ ልደቱ ድሕሪኡ ስደት ኣብ ግብጽን ካብኡ ምምላስን ንጹር ኣፍልጦ መታን ክህልወናን እቲ ጨካን መራሕ ሃገር ዝገበሮ ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ ከም ዝምርኮስ ንምግላጽ እዩ። ኣብዚ ሓደ ፍሉይ ነገር ኣሎ ዮሴፍ ኩሉ ጊዜ ኣምላኽ ዝገለጸሉ ዝኣምንን ዝፍጽምን ምዃኑ እዩ። እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ መልኣኹ ሰዲዱ ሰለስተ ጊዜ ተገሊጽዎ ብኡ ኣቢሉ ኸአ ምኽርን ድለቱን ይነግሮ ነሩ። ቅድሚ ልደቱ ሕጽይቱ ማርያም ጸኒሳ ምስ ረአየ ክፈትሓ ሓሲቡ እንተ ኾነ መልኣኽ ብሕልሚ ምስ ገለጸሉ ኣሚኑ ነሩ፥ ድሕሪ ልደቱ ንምድሪ ግብጺ ክሃድም ዝነገሮ መልኣኽ እዩ፥ ሞት ሄሮዱስ ዝነገሮ መልኣኽ እዩ። ዮሴፍ ንጹሕ እሙን ሰብ እዩ ነሩ። ኣምላኽ ካብኡ ዝደለዮ ክገብር ዝፈቱ እዩ ነሩ። ከም ማርያም ሕጽይቱ ሕራይ ኢሉ ዝኽእል ንወዲ ኣምላኽ ከም ምድራዊ ኣቦ ከዕቢ ዝተሓርየ ፍሉይ ሰብ እዩ። ኣብ ሕይወትና ኣብነትና እዩ ንሱ ነቲ ልኡኽ ኣምላኽን ንመልእኽቱን ካብ ኣምላኽ ምዃኑ ኣለልዩ ዝኽአለ እዩ። ኣብ ሕይወትና ብብዙሓት ልኡኻት ኣምላኽ መልእኽቲ ኣምላኽ ይመጸና እዩ ንቕበሎዶ? ነለልዮዶ? እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተንስእ ንሕፃንን ነዲኡን ሒዝካ ህደም እንተ ዘይኮነ ክቐትልዎ እዮም ምስ በሎ ኣይወዓለ ኣይ ሓደረ ሃዲሙ። ኣብ ሕይወትና ካብ ፈተና ካብ ጥፍኣት ካብ ኃጢኣት ርሓቕ ህደም ክብለና እንከሎ ንሃድምዶ ወይስ ሱቕ ኢልና ንመውት? ኣምላኽ ብልኡኻቱ ገሩ ህደሙ ርሓቑ ይብለና እዩ።

ኣምላኽ እዚ ዝሓሸ ቦታ እዩ ኣብዚ ንበር ከምዚ ግበር እናበለ ብልኡኻቱ ይነግረና። ሕጂ ኣብ ድሕነት ዝርከቦ ቦታ ክንከውን ይደልየና። ከም ዮሴፍ ልብና ንልኡኽን ንመልእኽቲ ኣምላኽ ክቕበል ክፍጽም ክፉት ይኹን። እዚ ኣብ ጉዕዞ ስደት ኣብ ሕይወት ዮሴፍ እንምሃሮ ሓቂ እዩ።

## ንመደብ ኣምላኽ ዝቕይር ሓይሊ የለን።

ንመደብ ኣምላኽ ደው ከብል ወይ ክቕይር ዝኽእል የለን። ሄረዱስ ወላ ጨካንን ክፉእን ሰብ ይንበር ንመደብ ኣምላኽ ክቕይሮ ኣይከኣለን። መንግስታት ይኹኑ ገዛእቲ ሃገራት ንመደብ ኣምላኽ ክቕይሩ ዘይሕሰብ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ክውለድ መደብ ኣምላኽ እዩ ግዚኡ ምስ በጽሐ ኸአ ተወሊዱ። ምስ ተወልደ ካብ ቅትለት ሄሮዱስ ከም ዝድሕን ዝገበረ መደብ ኣምላኽ እዩ። ኣብ መስቀል ሞይቱ ንደቂ ሰብ ከድሕን ዝገበረ መደብ ኣምላኽ እዩ። ተመሳሳላይ ነገር ኣብ ብሉይ ኪዳን ንረክብ ሙሴ ምስ ተወልደ ኣብ ግብጺ ዝኾነ ወዲ ካብ እስራኤላውያን ዝተወልደ ክቕተል ሕጊ ነሩ፥ ገዛእቲ ግብጺ ንብዙሓት ቀቲሎም ንሙሴ ግን ክቐትልዎ ኣይከኣሉን። ሙሴ ዓሰርተ ትእዛዛት ካብ ኣምላኽ ተቐቢሉ ክህብ መደብ ኣምላኽ እዩ ነሩ። ስለዚ ንጉሥ ይኹን ገዛኢ ኣብ ታሪኽ ንመደብ ኣምላክ ደው ዘበለ የለን ንድሕሪ ሕጂ እውን ኣይክህሉን እዩ። ኣብ ዘመና ናዚ ጀርመን፥ ኮሙኒዝም፥ ዝተፈላለዩ ገፋዕቲ መንግስታት ንስም ኣምላኽ ንእምነት ክርስትና ከጥፍኡ ተንሲኦም ግን ኩሎም ደም ሰማዕታት ውሒጥዎም ዓሪቦም። ታሪኽ ከም ዝገልጸልና ዝኾነ ካብ መገዲ ኣምላኽ ወጺኡ ንመደብ ኣምላኽ ሓዲጉ ናቱ ድለት ክፍጽም ዝደሊ መወዳእታኡ ጥፍኣትን ውድቀትን እዩ። እንተኾነ ቤተ ክርስትያን ክርስቶስን መንግስቲ ኣምላኽ

ደው ኢሎም ቀጸልቲ እዮም። እዚ እዩ ኣብዚ ዝተገልጸ ታሪኽ እንርእዮ። ክንደናይ ጨካን ይኹን እቲ ንጉሥ ንመደብን ንድላይ ኣምላኽን ደው ከብል ዝኽእል የለን።

ኣብ ብሉይ ኪዳን እንተ ረአና ብዙሓት ንግብጺ ይሃድሙ ነሮም ዝብል ነንብብ ምኽንያቱ ግብጺ በቲ እዋን ዝያዳ ዑቕባ ዝርከቦ ዓዲ እዩ ነሩ። ብዙሓት እስራኤላውያን ካብ ጥንቲ ኣብ ግብጺ ይነብሩ ነሮም በዚ ኢና ብዙሕ ነገራት ንብሉይን ንሓዲስ ኪዳን ዝርኢ ብራናታት ብፍላይ “Septuagint” ፍሉይ ቅዳሕ ብሉይ ኪዳን ኣብ ኣለክሳንድርያ እዩ ተተርጒሙ፥ ሓደ ካብቶም ጥንታዊ ብራና ሓዲስ ኪዳን ኣብ ኣለክሳንድርያ እዩ ተተርጊሙ። ኣልክሳንድርያ ማእከለን ምንጭን ናይ ስነፍልጠትን ባህልን ኣይሁድ እያ ነራ፥ ስለዚ ዮሴፍን ማርያምን ንግብጺ ክሃድሙ እንከለዉ ታሪኻዊ ምትሕሓዝ ነርዎ እዩ፥ ቋንቅኦም ባህሎም ዝፈልጡ ቤተ ሰቦም ደቂ ዓዶም ዝነበርዎ ሃገር እዩ እምበር ሱቕ ኢሎም ተላዒሎም ዝኸድዎ ሃገር ኣይኮነን። ካልእ ኣብ ብሉይ ኪዳን እንርእዮ ኣብርሃም ንድሕነቱ ኣብ ምድረ ግብጺ ሃዲሙ፥ ያዕቆብ ኣብ እስራኤል ጥመት ምስ ኮነ ኣብ ምድረ ግብጺ ከይዱ ኣብኡ 450 ዓመት ስድርኡን ህዝቡን ተቐሚጦም። ማርያምን ዮሴፍን ንግብጺ ክሃድሙ እንከለዉ ንታሪኽ ኣቦታቶም ይፈልጡ ስለ ዝነበሩን ኣብ ግብጺ ምህዳም ዝሕሸ ድሕነት ዝነበሮ ስለ ዝኾነ እዩ። ሎሚ ብፍሉይ ህዝብና ብዝረኽቦ ዘሎ እንተ ረኤና ግና ምድረ ግብጺ ምድረ ሞት ግፍዒ ዓመጽ እዩ ኮይኑ ዘሎ። እቲ ቐደም ዝነበረ ሰናይ ነገራት ሎሚ ኣይርኣን።

ሎሚ ምድረ ግብጺ ክርስትያን ዝዋረዱሉ ኣብያተ ክርስትያናት ዝሓረሉ ስደተኛታት ዝግፍዑሉ ሕሱም ሃገር እዩ ኮይኑ ዘሎ። ሎሚ ንግብጺ ምስዓድ ማለት ንሞት ምኻድ እዩ። ህዝቢ ባህሊ እምነት ክቕየር እንከሎ ክፍኣት ዓመጽ ይበዝሕ። ሰባት ንቕይር ኢና። ግብጻውያን ተቐበልቲ ኣጋይሽ ዓንገልቲ ስኡናት ዝነበሩ ቀተልቲ ገፋዕቲ ተቐይሮም እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ግን ኩሎም ግብጻውያን ገፋዕቲ ቀተልቲ ማለት ኣይኮነን፥ ብዙሓት ንስደኛታት ዝደናገጹ ዝሕግዙ እውን ኣለዉ። ብዙሓት ካብ ወገናትና ኣብ ግብጺ ኣለዉ ወይ እውን ብእኡ ዝሓለፉ ኣለዉ ዝተፈላለየ ፍጻሜ እዮም ዝነግሩና። እዚ ኾይኑ እቲ ነቲ ዝገበርዎ ጽቡቕ ኣምላኽ ይባርኮም ነቲ ዝፈጸምዎ ግፍዒ ኸአ ኣምላኽ ይምሓሮም ንበል። መፍኃኔ ዓለም ከማና ተሰዲዱ ተዋሪዱ እዩ ግን ብግብርን ብቃልን ምሃሩ ኢሉ ኣምሂሩና ስለዚ መሓርቲ ንኹን።

ብዓለ ቊስቋም ፍሉይ ዝኽሪ እዩ ዝህበና። ኣብ ዓለም ኩሉ ጊዜ ዝተፈላለዩ ገፋዕቲ ቀተልቲ ከም ዝነበሩን ዘለዉን እንርእዮ ሓቂ እዩ። እንተ ኾነ ሓደ ነገር ኣሎ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ኣብ መንጎ ዓመጽን ግፍዕን ንህዝቡ ምስ ረድአ እዩ። ኣምላኽ ክንግፋዕ ክንጠፍእ ኣይሓድገናን እዩ። ከም ዮሴፍ ዝልእከልና መልእኽቲ ኣንቢብና ክንክእል ኣሎና። ንኣምላኽ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ርኢና ክንክእል ምሉእ ድለትን እምነት ክህልወና ይግባእ።

ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ንዝጓነፈና ፈተና ንኣምላኽ ሒዝና ክንጉዓዞ እንከሎና ተስፋ ኣሎና፥ ኲናዊ ሞት ንዘሎ ራህዋ ክንርኢ ይሕግዘና። ስደት ዝኸፍኣን ዝኸበደን እዩ፥ ኩሉ መሰልካ ተገፊፉ ክብሪ እንስሳ እውን ዘይትረኽበሉ እዩ። እሞ ሎሚ ንኢየሱስን ማርያምን ንኹሎም ኣብ ዝስደት ኣብ ዓዲ ጓና ብዝተፈላለየ መገዲ ዝግፍዑ ዘለዉ ትዕግስቲ ሰላም ከውርዱሎም ንለምኖ። ኣብ ዓዶምን ህዝቦምን ተመሊሶም ብሰላም ዝነብሩሉ ጊዜ ከውርደሎም ብፍሉይ ንጸልየሎም። ኦማርያም ኣደና ኣደ ስደተኛታት ንወድኺ ለምንልና ንበላ።

ብሩኽ ኣውደ ዓመት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ